# ንዕለት 11 ጥሪ ስቪላዊ ምክልኻል ሃገረ ኖርወይ ኣብ መላእ ኖርወይ መጠንቀቕታ መጥቃዕቲ ኣየር ክፍኑ ኢዩ

ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ፡ ኣብ ወርሒ ጥርን ሰነን፡ ስቪላዊ ምክልኻል ሃገረ ኖርወይ ንስራዓተ-ሓበሬታ መጠንቀቕታ መጥቃዕቲ ኣየር ከምቲ ዝድለ ይሰርሕ ኣሎ ዶ የለን ንምርግጋጽ ይፍትኖ ኢዩ፡ ኣበር ዘለዎ ምስ ዝህሉ ኸኣ ይዕረ። ንረቡዕ ዕለት 11 ጥሪ ሰዓት 12፡00 እዚ ዝስዕብ ዓይነት ሓበሬታ ንዘለወን ንኡሳን ዞባታት ብምፍናው ክፍተን ኢዩ፡ «ኣገዳሲ መልእኽቲ - ሓበሬታ ኣናዲ»።

## ሓባሪ ምልክት

ሰለስተ ሓበርቲ ምልክታት በብናይ ሓደ ደቒቕ ፍልልይ ተኸታቲለን ክፍነዋ ኢየን። ሓባሪ ምልክት ክፍኖ እንከሎ ኣብ ራድዮ፡ ተሌቪዥን፡ ጋዜጣታት ወይ እውን ኣብ መንግስታውያን መርበብ ሓበሬታታትን ማሕበራውያን መራኸቢታት ብዙሓንን ሓበሬታታት ከተናዲ ኣለካ ማለት ኢዩ።

## መጠንቀቕታ መጥቃዕቲ ኣየር

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃገረ ኖርወይ 1250 ጥሩምባውያን ሓበሬታታት ፋሕ ዝበሉ ይርከቡ፡ ዕላማ ናይዞም መጠንቀቕታ መጥቃዕቲ ኣየር ህጹጽ ሓደጋ ኣብ ዝኽሰተሉ እዋናት ንህዝቢ ኖርወይ ንምሕባር ኢዩ። መጠንቀቕታታት ክፍነው እንከለው ኣብ እዋን ውግእ ይኹን ኣብ እዋን ሰላም ዝፍነው ኲይኖም፡ እቶም ዝበዝሑ ስራዓተ-ሓበሬታታት መጠንቀቕታታት መጥቃዕቲ ኣየር ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኢዮም ተተኺሎም ዝርከቡ፡ ዳርጋ ፍርቂ ካብ ህዝብና ድማ ክሰምዖ ይኽእል።